ኣብ ማእኸል ቤት ህንፀት ራያ ኣላማጣ ዝርከቡ ናይ ሕጊ ተሃነፅቲ ንሓደ ዓመት ብኹንትራት ካብ ሕጋውያን ነጋዶ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከመግብ ስለዝደለየ፤

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ሕዳር 8, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 2, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:25000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 2, 2011 5:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኣቅርቦት ምግቢ / ካፌን ሬስትራንትን/

ነዞም ረቋሕታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

1 ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ፍቃድ ንግዲን ግብሪ ዝኸፈለን፣ናይ መቅረባይነት ዘለዎ ምኻኑ መረጋገፂ ዋናን ቅዳሕን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ከቅርብ ዝኽእል ፤

2 ተወሳኺ እሴት ታክስ ተመዝጋቢዝኾነን ናይ ወርሒ ጥቅምቲ 2011ዓ/ም ሒሳብ ዘወራረድሉ ዋናን ቅዳሕን ከቅርቡ ዝኽእሉ፤

3 መለለይ ቁፅሪ ግብሪ ከፋላይነት ከቅርቡ ዝኽእሉ ፤

4 ተጫራታይ በቲ ዝቀረበ ዝርዝር መዐቀኒ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ሽምን ፊርማን ማህተምን ንፁር ኣድራሻ መሊኡ ከቅርብ ኣለዎ።

5 መኽበሪ ጨረታ 25000.00 (ዒስራን ሓሙሽተን ሽሕ ቅርሺ) ብጥረ ገንዘብ ወይ ሲፒኦ ከትሕዝ ዝኽእል፤

6 ተጫረቲ እዚ ምልክታ ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት ጀሚሩ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ 50.00 (ሓምሳ ቅርሺ) ብምክፋል ደ/ከ/ስ/ዐ/ፋ/ምም/ር/ንበረት ማእኸል ቤት ህንፀት ራያ ኣላማጣ ወይ ኣብ ከይዲ ሓዱሽ ፕሮጀክት ቢሮ ቁፅሪ 04 እናመፃእኩም ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም።

7 እዚ ጨረታ ካብ 10/03/2011-02/04/2011 ዓ/ም ኣብ ኣየር ይፀንሕ።

8 እዚ ጨረታ 02/04/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:30 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 5:00 ኣብ ማእኸል ቤት ህንፀት ራያ ኣላማጣ ኣብ ከይዲ ሓዱሽ ፕሮጀክት ዝተሰርሐ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይኽፈት።

9 ንመብራህቲን ማይን ዝኸፈል ወፃኢ ብመንግስቲ ይሸፈን።

10 ሰነድ ጨረታ ስርዝ ድልዝ እንተሃልዩዎ ተቀባልነት የብሉን ።

11 ናይ ምግብናን ተመሳሳሊ ፍቃድ ንግዲ ዘለዎ ነዚ ጨረታ ከዛብዕ ዝፈተነ ተጫራታይ ካብ ምብራር ሓሊፉ ኣብ ዝኾነ ጨረታ ከይሳተፍ ደብዳቤ ይፅሓፈሉን ቢድ ቦንዱ ይውረስን።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ጨረታ ምስተከፈተ ብዓርሰ ድሌት ካብ ጨረታ ምግላል ኣይፍቀድን።

13 ትካልና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

14 ናይ 2ይን 3ይን 1ይን ሰዓራይ ከሳብ ውዕሊ ዝኣሰር መኽበሪ ጨረታ (ቢድ ቦንድ) ተተሓሒዙ ይ ፀንሕ።

15 ጨረታ ቦታ ማእኸል ቤት ህንፀት ራያ ኣላማጣ ኮይኑ ኣብቲ ሓደሽቲ ፕሮጀክት ዝተሰርሐ ይኸውን።

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0914-785717/0914-755064 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle